"...ምድሪ ብፍልጠት ክብሪ እግዚኣብሄር: ክትመልእ እያ" ኣንባ2፥22

# ዶክሳ

2018 ቁ.ጽ.13

ዶክሳ ብቋንቋ ግሪክ ኮይኑ፥ ክብሪ ኣምላኽ ማለት እዩ።

ዶክሳ ነቲ ኣብ ቅድሚኤና ዘሎ ናይ ክብሪ ኣገልግሎት፥ ክተዳልወና መንፈሳዊት ጋዜጣ እያ።

**ዜና**

## ርእሰኻ ንዓብይ ነገር ኣዳሉ

ኣብ ቤት ሄስዳ ዝበሃል ቦታ ንርእሰኻ ንዓብይ ነገር ኣዳሉ ዝብል መብርሂ ተዋሂቡ። እቲ ዝነበረ መደብ ብመሰረት "ኖህ ብዛዕባ እቲ ገና **ዘይተራእየ ነገር ራእይ ምስ ረኣየ፥**<u>**ብፍርሃት ኣምላኽ ተደሪኹ ብእምነት እዩ**</u> **ንምድሓን ቤቱ እትኸውን መርከብ ዘዳለወ። ብእኣ ገይሩ ንዓለም ኰነና፣ ነቲ ብእምነት ዚርከብ ጽድቂ ኸኣ ወራሲ ኾነ"**(እብ 11፡7) ዝብል ኮይኑ ነፍሲ ወከፍ ክርስትያን ዘለዎ ኩነታት ከይጠመተ፥ ራእይ ሒዙ ንዓብይ ነገር ክዳሎ ተነጊሩ። እቲ ዝተዋህበ መብርሂ ህዝቢ ኣምላኽ ኣብዚ ንፍልሞ ዘሎና ዓመተ 2018 ካብ ተራ ዝኾነ ምምልላስ ወጺኡ፥ ካብ መንፈስ ቅዱስ መሪሕነት ወሲዱ ብዓብይ ራእይ ክትንስኡ፥ *ንመንእሰያት ድማ ናይ ጽድቂ ተጽዕኖ ከማዕብሉ፥* ካብ ዝተፈላለየ ብኢንተርነት ዝመሓላለፍ ኣጸያፊ ነገራት ክሕለዉ ንወንጌል ዝተወፈዩ ክኾኑ ***"ንርእሰኻ እቲ ቓል ሓቂ ብቕንዕና ዜማቕል፥ ዜሕፍር ዜብሉ ፍቱን ዓያዪ ጌርካ፥ ንኣምላኽ ከተርእዮ ጸዓር" 2ጢሞ2፥15*** ዝብል ነይሩ። ካልእ ኣገልገልቲ ኣብ ቤቶም ዓብዩ ራእይ ሒዞም ምስ ኣንስቶምን ደቆምን እኹል ግዜ ክዕድጉ፥ ከምቲ <u>***"ብሓደ እትጽሊ ሰድራ፥ሓቢራ እያ ነቲ ዝመጸ ፈተና ትገጥም***</u> ዝበሃል። ኣብዚ ንፍልሞ ዘሎና ዓመተ 2018 ***'ሰብ ሓዳር ብሓድሽ ራእይ ንለዓል'*** ብምባል ለበዋ ተዋሂቡ።

ነዚ ምሩክስ ብምግባር ጋዜጣ ዶክሳ መንእሰያት ነቲ ዘለዎም ግዜ ከም ለባማት ብግቡእ ክጥቀምሉ እምበር ብሸለልትነት ግዚኦም ከየባኽኑ፥ ግናኸ በቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎ ጸጋ ክድልድሉ ትምዕድ። ካልእ ኩሉ ኣገልጋሊ መጀመርታ ኣተኩሩኡ ኣብ ቤቱ ክገብር። ከምቲ ኣገልጋሊ ጆርጅ ኦትስ ***"ሓንቲ ሰድራቤት ንእሽቶ ቤት ክርስትያን እያ። ስለዚ ግድን መጀመርታ ኣብ መድረኽ ዘይሰበኽኩ ኣይትበል፥***<u>***ኣገልግሎት ኣብ ህይወትካን ገዛኻን***</u> ***እምበር ኣብ መድረኽ ዝጅመር ኣይኮነን"*** ዝበሎ፥ ኣብ ቤትና ብዓብይ ራእይ ንለዓል። ሽው ማሕበር ኣምላኽን ሃገርን ብኹሉ ሸነኽ ሰላም፥ ሓጎስ፥ ደስታ፥ ክብረት ክኾነለና እዩ። ኣስ8፥16

**"ልበይ ምስቶም ኣብ ማእከል ህዝበይ ፈትዮም ርእሶም ዝወፈዩ,,,እዩ" መሳ5፥9**

## ሰማያዊ ራእይ

### <u>2018 ሰማያዊ ራእይ ሒዝና ንፍልሞ እዩ።</u>

ካብ ኣካላትና እቲ ቀንዲ ህዋስና ዓይንና እያ። ብእኣ ጌርና ብዙሕ ነገራት ከነስተውዕልን ክንርዳእን ድማ ንኽእል። ጎይታና የሱስ ውን ዓይኒ ኣዝያ ኣገዳሲት ከም ዝኾነት ከመልክተልና ኢሉ **"ናይ ስጋ መብራህቲ ዓይኒ እያ፣ ዓይንኻ ጥዕይቲ እንተ ኾነት፣ ብዘሎ ስጋኻ ብሩህ ይኸውን"** (ማቴ 6፡22) ብምባል ተዛሪቡና። እዚ ድማ ንስጋዊ ኣዒንትና ጥራይ ዝውክል ዘይኮነ ነቲ መንፈሳዊ ኣዒንትና'ውን ዘመልክት እዩ። እንተ ደኣ መንፈሳዊ ኣዒንትና ብሩህ ኮይኑ፣ ኩሉ እቲ ነገልግሎ መንፈሳዊ ኣገልግሎትና ጥዕና ዘለዎን ውጺኢታውን እዩ ዝኸውን። ከምኡ ስለ ዝኾነ እዩ ድማ ጎይታ ደጊሙ ንደቀ መዛሙርቱ **<u>"ኣዒንትኹም ቋሕ ኣብሉ</u> እሞ ምድሪ ንዓጺድ ከምዝጻዕደወት ረኣዩ"** (ዮሃ 4፡35) ብምባል መንፈሳዊ ኣዒንቶም ክኸፍቱ እሞ፣ ነቲ ዓብይ ተልእኾ ተረዲኦም ንኹሉ ወንጌል እናነገሩ ደቀ መዛሙርቲ ክገብሩ ዝመሃሮም (ማቴ 28፡20)። እዚ ኩሉ ክገብሩ ግና እቲ ቀንዲ ዘድሊ መንፈሳዊ ኣዒንቶም ተኸፊቱ ራእይ ሒዞም ክብገሱ ከም ዘለዎም እዩ ጎይታ ምዒድዎም። ንሳቶም ቅኑዕ ራእይ ሒዞም እንተ ተበጊሶም፥ ጎይታ ምስኦም ኮይኑ ነቲ ቃሉ ክተግሃሉን ከምዝፍጸም ከም ዝገብሮን ኪዳን ኣትይሎም (ማር 16፡20)። እዚ ድማ ንዕኦም ጥራይ ዘይኮነ ነቶም ኣብዚ ዘመን ዘለና ደቀ መዛሙርቲ ዝውክል እዩ። እዚ ዓብይ ተልእኾ ብኣና ክዕየይ ግና፣ ሎሚ ራእይ ሒዝና ክንልዓል የድሊ።

"ኣነ ግና ነቲ ሰማያዊ ራእይ ኣይኣበኹዎን" ግብ26፥20

እዚ ንብሎ ዘለና ጽቡቅ ገይሩ ምእንቲ ክርደኣና ድማ ትርጉምን ኣፈጻጽማን ራእይ ከመይ ከም ዝኾነ ክንርኢ ኢና።

- ራእይ ማለት ብዛዕባ መጻኢ መደባትካ ንጹር ስእሊ ምሓዝ እዩ።
- ራእይ ማለት ናይ እግዚኣብሄር ዕላማ ኣብ ህይወትካ እትምልከቶ እዩ።
- ራእይ ማለት ኣብ ሎሚ ኗንካ ንጽባሕ ምጥማት እዩ።

**ቅኑዕ ዝኾነ ራእይ፥ ናብ ብሉጽ ውሳኔ ዝወስድ መገዲ እዩ።**

- ራእይ መሎኮታዊ ተልእኾ ኮይኑ፡ ኣብቲ ዝተደልየ ሸቶ (ዕላማ) ዘብጽሕ እዩ።
- ራእይ ኣብ ጅማሬኻ ኴንካ እትርእዮ ፍጻሜ ናይ ህይወትካ እዩ።
- ራእይ ንጹር መሎኮታዊ ሓሳብ ኮይኑ ኣንፈትካን መኣዝንካን ዘትሕዘካ እዩ።
- ራእይ ጥንሲ ኮይኑ ግቡእ መንፈሳዊ መግብን መስተን ጌርካ እትከናኸኖ እዩ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ እቲ ትኽክለኛ ትርጉም ራእይ እዩ። እዚ ኩሉ ግና ባዕልኻ እትስንዮ ቅዲ ዘይኮነ ካብ መንፈስ ቅዱስ እትረኽቦ ሰማያዊ ምግላጽ እዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ብጸሎት ናብ ኣምላኽ ምቕራብን ቃሉ መዓልታዊ ምስልሳልን ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣዮ ራእይ ኣብ ህይወትና ብምልኣት ከም ዝግለጽ ይገብሮ። ንኣብነት ነህምያ ብዛዕባ ህዝቡ ዘሎ ጸር ሒዙ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንሓያሎ መዓልቲ ምስ ጾመን ጸለየን (ነህ 1፡4)። እግዚኣብሄር ድማ ብዛዕባ ምህናጽ የሩሳሌም ኣብ ልቡ ሓሳብ ኣእቲሉ (ነህ 2፡12)ርኤ። በቲ ዝረኸቦ መሎኮታዊ ሓሳብ ተበጊሱ ከኣ ንመካበብያ የሩሳሌም ንምስራሕ ተበጊሱ። ወላ'ኳ ሽዑ ከም በዓል ጦቢያን ሳንባላጥን ብዙሕ እንተተቓወምዎ፡ ንሱ ግና ነቲ ዝተዋህቦ ዓብይ ተልእኾ ኣጽኒዑ ብምሓዝ ኣብ መፈጸምታ ኣብጺሕዋ። ኣብ ሓዲሽ ኪዳን እንተ መጺና ድማ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ መጀመርታ መልእኽቱ ንሰብ ኤፌሶን **“ኣምላኽ ጐይታና የሱስ ክርስቶስ ኣቦ ኽብሪ ብፍልጠቱ መንፈስ ጥበብን መንፈስ ምግላጽን ምእንቲ ኺህበኩም፡እሞ <u>ኣዒንቲ ልብኹም በሪሁ፡</u> ተስፋ ጽውዓኡ እንታይ ምዃኑ፡ ሃብቲ ርስቲ ኽብሩ ኣብ ቅዱሳንውን እንታይ ምዃኑ ኽትፈልጡ፡ እጽሊ ኣሎኹ።”** (ኤፌ 1፡17-18) ብምባል መንፈሳዊ ኣዒንቶም ክኽፈት ጸልዩሎም። እዚ ዝጸለየሎም ድማ ንሳቶም ነቲ እተጸውዕዎ ጽውዓ ብቑዓት ኮይኖም ምእንቲ ክወጹ፡ መንፈሳዊ ኣዒንቶም ክበርህ እሞ ነቲ ዝተዋህቦም ተልእኾ ብትሕትና፡ ብለውሃት፡ ብህድኣት፡ ብፍቕሪ እናተጻዋወሩ፡ ነቲ ሕብረት መንፈስ ብማእሰር ሰላም እናሓለዉ ጽቡቕ ገድሊ እምነት ምእንቲ ክጋደሉ እዩ (ኤፌ 4፡1-3)ርኤ። ከምኡ ድማ ንሕና ነቲ ዘሎና ዓብይ ተልእኾ ብጽቡቕ ጀሚርና ብጽቡቕ ክንውድእ ኣዒንቲ ልብና ክበርህ ብጸሎት ናብ ኣምላኽ ንቕረብ። ሽዑ ደብዛዝ ዝኾነ ህይወት ካባና ክእለ፡ ኣጸቢቕና ክንርኢ፡ ነቲ ዝተባህለልና ተልእኾ ብዓወት ክንወጽእ ብቕዓት ክንረክብ ኢና።

> **“…ትእዛዛት እግዚኣብሄር ንጹህ እዩ፡ ነዒንቲ የብርሄን።”**(መዝ 19፡8)

ንኣብነት እቲ ኣብ ቤተ ሳይዳ ዝነበረ ዕዉር ናብ ጎይታ ምስ ኣምጽእዎ። ጎይታ ብጸብሪ ገይሩ ኢዱ ምስ ኣንበረሉ፡ ሰባት ኣእዋም መሲሎም ክመላለሱ ርእዩ። ደሓር ጎይታ <u>ከም ብሓድሽ</u> ኢዱ ኣብ ኣዒንቱ ምስ ኣንበረሉ ግና <u>***ኣጸቢቑ ጠመተ፡ ሓወየ፡ ንኹሉ'ውን ተቐሊዑ ረኣየ***</u> (ማር 8፡22-24) ይብለና። ካብዚ እንርድኦ ጎይታ ምስ ተቐበልና ቀሩብ ሪኢና ከም ንመላለስ እዩ፡ እንተ ደኣ ብእኡ ዓጊብና ከምቲ እዚ ሰብኣይ ሰባት ኣእዋም መሲሎም ዝርኢ ዝነበረ፡ ደብዛዝ ዝኾነ ህይወት ከነስተማቕር ኢና። እንተ ደኣ ከምቲ ሃዋርያት ኢድካ ዘርግሕ (ግብ 4፡30) ብምባል ዝጸለዩ እሞ መንፈስ ዝተመልኡ ብኽብሪ ከኣ ዘገልገሉ ንሕና ድማ ከምኡ ብቕኑዕ ልቢ ኰንና፡ ንጹር ዝኾነ ሰማያዊ ራእይ ክንርኢ እሞ ብኽብሪ ከነገልግል ኢዱ ክትትንክየና ብመንፈስ ንጸሊ፡ ጎይታ ድማ ከገርመና እዩ።

> **“ጠቢብ ኣብ ርእሱ ኣዒንቲ ኣለዋኦ. . .”** (መክ 2፡14)

## ❖ <u>ክፉላት ራእይ</u>

<u>ሀ) General vision (**ሓባራዊ ራእይ**)፡</u> ሓባራዊ ራእይ ሓደ ካብ ክፉል ራእይ ኮይኑ ንኹሉ ወደ መዝሙር ዘጠቓልል እዩ። እዚ ድማ ነቲ ጎይታ **“ስለዚ ኺዱ ንኹሎም ኣህዛብ ብስም ኣቦን ወድን መንፈስ ቅዱስን እናኣጥመቕኩም፡ ዝኣዘዝኩኹም ኩሉ ኺሕልዉ ኸኣ እናመሀርኩም፡ ደቀ መዛሙርቲ ግበርዎም። እንሆ ድማ፡ ኣነ ኽሳዕ መወዳእታ ዓለም ኩሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ።”**(ማቴ 28፡19-20) ዝበሎ ቃል ዘመልክት እዩ። ነዚ ዓብይ ተልእኾ ሒዝና ብመሪሕነት እንተ ተበጊስና ድማ ኣተግበርቲ ሓባራዊ ራእይ ኰንና ኣለና ማለት እዩ።

<u>ለ) Specific vision (**ንጹር ራእይ**)፡</u> እዚ ዓይነት ራእይ ከኣ ንሓደ ፍሉይ ዕላማ እትለኣኾ እዩ። ንኣብነት ናይ ሃዋርያ ጴጥሮስ ተልእኾ ናብ ሰብ ግዝረት ክኸውን ከሎ። ናይ ሃዋርያ ጳውሎስ ተልእኾ ግና ናብ ኣህዛብ ነይሩ (ገላ 2፡9-10)። ንዓና ሎሚ ከኣ ንገለ ናብ ብሄራትና ክኸውን ይኽእል፡ ንገለ ንዓዲ ዓረብ፡ ንገለ ድማ ናብ ካልእ ሃገራት ክኸውን ይኽእል። ሓደ ኣብዚ ክንፈልጦን ከነነጽሮን ዘለና ግና ኣብተን 5 ውህበታት (office) ዘለና ቦታ እዩ። ንኣብነት ሎሚ ነብያት ክንበዩ ስለ ዝረኣኻ ኣነ ነብይ እየ ወይ ሃዋርያ እየ ምባል ዘይኮነ፡ ከምቲ ኣብ ግብረ ሃዋርያት ብሓደ ኮይኖም ብጾምን ብጸሎትን ከገልግሉ ከለዉ መንፈስ ቅዱስ ንጳውሎስን ባርናባስን ነቲ ዝጸዋዕክዎም ዕዮ ፍለዩለይ ዝበሎም (ግብ 13፡1-3)። ከምኡ ድማ ንሕና ሎሚ እዚ ንጹር ተልእኾ ክንረክብ ብጾምን ብጸሎትን ኣብ ቅድሚኡ ክንቀርብ ጽቡቕ እዩ።

<u>ሐ) Permanent vision (**ቀዋሚ ራእይ**)፡</u> ነዚ ቀዋሚ ራእይ ጽቡቕ ኣብነት ዝኾነና ሃዋርያ ጳውሎስ እዩ። ንሱ ኣምላኽ ንዓብይ ተልእኾ ከም ዝሓረዮ ምስ ፈለጠ፡ ምስ ስጋን ደምን ከይተማኸረ ናብ ዓዲ ዓረብ እዩ ኸይዱ (ገላ 1፡16)። ኣብኡ ድማ ንነዊሕ ዝኸይድ ራእይ ሒዙ ናብ የሩሳሌም ተመሊሱ። ነዚ ነዊሕ ዝኸይድ ራእይ ሒዙ ድማ ካብ የሩሳሌምን ከባቢኣን ጀሚሩ ክሳዕ ኤሊሪኮን ነቲ ወንጌል ብምሉእ ሰቢኽዎ (ሮሜ 15፡17-19)። በዚ ዝሓዞ ራእይ ድማ ጽቡቕ ገድሊ ተጋዲሉ፡ እምነቱ ሓልዩ፡ ጉያኡ ወዲኡ። ብተመሳሳሊ ነህምያ ከምቲ ኣቐዲምና ዝበልናዮ ነቲ ንነዊሕ ዝረኣዮ ‘ምህናጽ የሩሳሌም’ ዝብል ራእይ ድሕሪ ብዙሕ ዋጋ ምኽፋል፡ ኣብ መበል 12 ዓመቱ ወዲእዎ።

<u>መ) Temporary vision (**ግዚያዊ ራእይ**)፡</u> እቲ ራብዓይን ኣገዳስን ድማ ሓጺር ራእይ እዩ። እዚ ድማ ብዛዕባ እቲ “ብዓል መቄዶንያ ሰብኣይ ደው ኢሉ ርድኣና” (ግብ 16፡9) እናበለ ሃዋርያ ጳውሎስ ዝረኣዮ ራእይ ጽቡቕ ኣብነት ናይ ግዚያዊ ራእይ እዩ። ሃዋርያ ጳውሎስ እዚ ምስ ረኣየ ነዞም ህዝቢ መቄዶንያ ወንጌል ክሰብከሎም ስለ ዝተረድአ ንገለ መዓልታት ናብኡ ከደ። ኣብኡ ኣብ ዝጸንሓሉ መዓልታት ከኣ ሊድያን ካልኦት ስድራቤታትን ንናይ ጎይታ መንግስቲ ተወሰኻ። እዚ ዓይነት ተልእኾ ግዚያዊ ራእይ ተባሂሉ ይጽዋዕ።(ግብ16፥15 ርኤ) ይቕጽል,,

**ኣብ ዝመጽእ ሕታም ተከታተሉ።**

# ዓምዲ ሌላ



ወንጌላዊ ቢሊ ግራሃም ብሕዳር 1918 ተወሊዶም፣ ኣብ ክፍሊ ሃገር NORTH CAROLINA CHARLOTTE ኣብ ዝርከብ መራብሒ ከብቲ ዓብዮም። ንሶም ኣብ እዋን ዓብይ ቁጠባዊ ዝቕባበ ስለ ዝዓበዩ ህርኩት ሰራሕተኛ ምዃን ተማሂሮም እዮም፣ ምስቲ ኹሉ ስርሖም ግን ዝተፈላለየ መጻሕፍቲ ምንባብ ኣየጸገሞምን። ኣብ መወዳእታ 1934 ኣብ መበል 16 ዓመት ዕድሚኦም ድማ ኣብቲ ሽዑ ብሞርደሲያ ሃም(MORDECIA HAM) ዝካየድ ዝነበረ ናይ ምንቕቓሕ ፕሮግራማት ንጎይታ የሱስ ህይወቶም ሂቦም። ብድሕሪ ንጎይታ ከም ናይ ግሊ መድሓኒኦም ምቕባሎም ድማ ጽቡቕ ሕብረት ምስ ኣምላኽ ብምፍጣር ናብ ናይ ኣገልግሎት መድረኽ ክድይቡ በቒዖም፣ እዚ ይኹን እምበር ብዙሕ በዳሂ ኩነታት ሰጊሮም እዮም። ግና'ኸ በቲ ዝነበሮም ጽኑዕ ዕላማን ራእይን ኣብ ኩሉ ጉዕዞኦም ዕዉት ነበሩ። ብ1939 ኣብ <u>*SOUTHERN BAPTIST CONVERSION*</u> ኣገልጋሊ ንምዃን ተሸይሞም። ብ1943 ካብ ዊቶን ኮሌጅ ኣለየሳ ድሕሪ ምምራቖም ድማ፣ መማህርቶም ንዝኾነት ኣብ ቻይና ዝዓበየት ጓል ሓደ ሚስዮናዊ ሩት ማክበል ተመርዓዉ። ኣገልጋሊ ቢሊ ግራሃም ድሕሪ ነታ ቀዳመይቲ ናይ መጥመቓውያን ቤተክርስትያን ኣብ WESTERN SPRINGS ትርከብ ምጉሳዮም፣ ናብቲ ሽዑ ዝነበረ <u>*“መንእሰያት ንክርስቶስ”*</u> ዝብል ትካል ብምጽንባር ኣብ እዋን ካልኣይ ውግእ ዓለም ብወንጌል ንመላእ ኣሜሪካ ዘሩዋ። ድሕሪ ኩናት እውን ብተመሳሳሊ ተልእኾ ንኤውሮጳ በጺሖሙዋ እዮም። እታ ንወንጌላዊ ቢሊ ግራሃም ናብ ዓለምለኻዊ ኣገልግሎት ዝወንጨፈቶም ግና እታ ናይ 1949 ኣብ ሎስ ኣንጀለስ ዝገበርዋ ኣገልግሎት እያ። ድሕሪ'ዛ መዓልቲ እዚኣ ድማ ብኣሽሓት ዝቑጸራ ነፍሳት ናብ ጎይታ መሪሖም ኣለዉ። እቲ ናይ ፈለማ ዝገብርዎ ዝነበሩ ኣገልግሎት ብዘይ ምቁራጽ ንብዙሕ ሳምንታት ዝቕጽል ናይ ወንጌል ወፍሪ ምንባሩ ይግለጽ። እታ መሪሕ ጥቕሲ ድማ <u>ዮሃ 3፡16</u> ነይራ።

> “እታ እንኮ ዕላማ ናይ ህይወተይ ንሰባት ምስ ኣምላኽ ሕብረት ክህልዎም ምሕጋዝ እያ። እዚ ድማ ንክርስቶስ ብምፍላጥ እዩ ዝመጽእ ኢለ እየ ዝኣምን። <u>ዶ/ርቢሊግራሃም</u>

ሎሚ ወንጌላዊ ቢሊ ግራሃምን ኣገልግሎቶምን ኣብ መላእ ዓለም ዝተፈልጠ እዩ፣ ንሶም ካብ ሕምብርቲ ከተማ NEW YORK ጀሚርካ ክሳዕ በረኻታት ኣፍሪቃ ብወንጌል በጺሖም እዮም። ወንጌላዊ ግራሃም ካብ ንመራሕቲ ሃገራት ጀሚርካ ክሳዕ ንተራ ሰባት ኣብ መላእ ዓለም ወንጌል ኣብጺሖም እዮም። ካብ 1977 ድማ ናብተን ብምራቓዊ ደምበ ዝፍለጣ ኮሚኒስታውያን ሃገራት ከይተረፈ ተልእኾኦም ንምፍጻም ክኢሎም እዮም።

ወንጌላዊ ቢሊ ግራሃም ብ1950 <u>*BILLY GRAHAM EVANGELISTIC ASSOCIATION(BGEA)*</u> ዝብል ማሕበር ብምምስራት ኣገልግሎቶም ብመንገዲ ሬድዮ፡ ተለቪዥን፡ ጋዜጣ፡ መጽሄት፡ መጻሕፍትን ብመንገዲ ወዶም ፍራንክሊን ግራሃም(FRANKLIN GRAHAM) የካይዱ ኣለዉ። ወንጌላዊ ቢሊ ግራሃም ብብዙሓት ትካላትን፡ ውልቀ ሰባትን ዓብይ ተቐባልነት ዘለዎም ኣገልጋልን፣ ንመራሕቲ ሃገር'ውን ከይተረፈ ምኽሪ ብምልጋስ ዝድግፉ በዓል ዓብይ ጽልዋ ኣገልጋሊ እዮም። ብተወሳኺ ወንጌላዊ ቢሊ ግራሃም ኣብ ዘመን ህይወቶም ገጽ ንገጽ ን210 ሚልዮን ብመንገዲ ሳተላይት ድማ ን2.5 ቢልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም ወንጌል ንምብጻሕ ክኢሎም እዮም። ኣብ ኣገልግሎት ቢሊ ግራሃም ብዘይካ ነቲ ዝተዋህቦም ዕዮ ወንጌል ንኻልኦት ከይነቐፈ ኣብ ክርስቶስ ጥራይ ዘተኮረ ወንጌል እናሰበኸ <u>“ሚዛኑ ዝሓለወ ኣገልጋሊ”</u> ተባሂሉ ብብዙሓት ዝተመስገነ እዩ። ወንጌላዊ ቢሊ ግራሃም ኣብዚ እዋን ወዲ 99 ዓመት ኮይኖም ኣለዉ። ንሶም ኣብ ዘመኖም ዳርጋ ንርብዒ ህዝቢ ዓለም ብወንጌል በጺሖም እዮም። ኣብቲ ዝነበረ ናይ ልደቶም በዓል ኣብ ሳተላይት ካብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ “ሓደ ካብቶም ነዚ ሓድሽ ወለዶ ፋና ዘብርሁ ባሮት እግዚኣብሄር፣ ወከልቲ ዘመን ወንጌላውያን ክኸውን እደሊ”፣ ብምባል ካብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ነዛ ዝጠፍአት ዓለም ንምብራህ በዚ ሓድሽ ኣብ ልብና ሃልሃል ዝብል ሓዊ ኢና ንወጽእ ኢሎም። እቶም ተሳተፍቲ ንገዝኦም ሒዞሞ ዝኸዱ “ቃል ኪዳን ንምዝርጋሕ ወንጌል” ዘለዎም ተወፋይነት ኣረጋጊጾም።

ገለ ካብቲ ማሕላ ዝኣተዉሉ <u>*“ግላዊ ዘየቋርጽ ልምምድ ጸሎት፡ መጽናዕቲ መጽሓፍ ቅዱስ፡ ውፉይ ህይወት ንኣምላኽ”*</u> ከምኡ'ውን <u>*“ምግልጋል ንስኡናትን ንግፉዓትን፣ ምሕረትን ጽድቅን የሱስ ምዝካር”*</u> ዝብል እዩ።

ብተወሳኺ ይብል ቢሊ ግራሃም፣ ናብታ ሰማያዊት መንግስቲ ምስ ከድኩ ንጎይታ ሓንቲ ሕቶ ጥራይ እየ ዝሓቶ፣ ንሳ ከኣ <u>*“ብኣይ ብድኹም ባርያኻ፣ ስለምንታይ ክትጥቀም ፈቲኻ’*</u>።

ወንጌላዊ ቢሊ ግራሃምን፣ በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ሩትን ሰለስተ ኣዋልድን ክልተ ኣወዳትን 19 ደቂ ደቆምን ብዙሓት ደቂ ደቆም ዝወለድዎምን ዝረኣዩ ናይ ዕድመ በዓል ጸጋ ኣገልጋሊ እዮም።

# ዓምዲ መልእኽቲ

## <u>ሕቆኻ ተዓጠቕ</u>

**"ኢድ እግዚኣብሄር ከኣ ኣብ ልዕሊ ኤልያስ ነበረት እሞ፡<u>ሕቘኡ ተዐጢቑ</u>፡ ክሳዕ እቲ ንይዝርኤል ዜእቱ፡ ቀቅድሚ ኣከኣብ ይጎዪ ነበረ"** (1ይ ነገ 18፡46)

ኤልያስ ትስቢታዊ ሓደ ካብቶም ኣብ ጊልዓድ ዝነበሩ ነብያት እዩ። ንሱ ሕቆኡ ብሓይሊ ኣምላኽ ተዓጢቑ ዘገልግል ብምንባሩ ኢድ እግዚኣብሄር ብኽብሪ ምስኡ ነይራ። ወላ'ኳ ከም በዓል ቤን ሃዳድ ነቲ ዝነበሮ ዕጥቂ ከፍትሑ ብዙሕ ምፍርራህ ንኣከኣብ እንተ ገበሩ፡ ንሱ ግና ብኣምላኹ ጽኒዑ ኣብቲ መሐለዊኡ ደው ኢሉ። ሓደ ነብይ ድማ "...**ናብ ኣከኣብ ንጉስ እስራኤል ቀሪቡ፡ እግዚኣብሄር ከምዚ ይብል ኣሎ፡ ነዚ ብዘሎ ብዙሕ ኣኼባስ ርኢኻዮዶ፧ ኣነ እግዚኣብሄር ከም ዝኾንኩ ምእንቲ ኽትፈልጥሲ፡ እንሆ፡ ሎሚ ኣብ ኢድካ ኽህበካ እየ፡ በሎ**"(1ይ ነገ 20፡13) ፡ እቲ ንጉስ እስራኤል'ውን በዚ ትብዓት ሰለ ዝረኸበ "**እቲ ኣጽዋር ዝዕጠቕ፡ ከምቲ ኣጽዋር ዜፈትሕ ገይሩ ኣይጀሃር**" (1ይ ነገ 20፡11) ብምባል ነቲ ዘፈራርሆ ዝነበረ ቤን ሃዳድ ለኣኹሉ። ከምቲ እቲ ነብይ ዝበሎ ድማ ነፍሲ ወከፍ <u>ሰሰብኣዩ ቀተለ፡</u> ሶርያውያን ከኣ ሃደሙ፡ እስራኤል ድማ ሰጎጎም።(1ይ ነገ 20፥20ርኤ)

ውጽኢት ናይዚ ኩሉ ዓወት ግና ኤልያስ ሕቆኡ ብሓይሊ ተዓጢቑ ስለ ዝነበረ፡ ደቂ እስራኤል ክስዕሩ፡ ሶርያዊያን ከኣ ክሃድሙ ንምኽንያት ክኾውን ክኢሉ። እዚ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ደሃይ ብርቱዕ ዝናብ ክኸውን ዝኸኣለውን በዚ ዕጥቂ እዩ (1ይ ነገ 18፥41-46)። ብተመሳሳሊ ኣብ ቃና ገሊላ ጎይታ ምስ ተዓደመ። እቶም ተዓጣቕ ነቲ ጎይታ ዝበሎ ቃል ብፍጹም ልቢ ስለዝተኣዘዝዎ እቲ ኣቦ ዳስ ክሳዕ ዝግረም ኮይኑ። እቲ ቃል ***"የሱስ ነዚ ኣጋንእ ማይ ምልእዎ በሎም። ኣፍ ንኣፉ ድማ መልእዎ፥ ሽዑ ሕጂ ቅድሕዎ እሞ ነቦ ድስ ውሰዱሉ በሎም። ንሳቶም ከኣ ወሰዱ እቲ ኣቦ ዳስ ግና ነቲ ንወይኒ እተለወጠ ማይ ምስ ጠዓሞ፥ ካበይ ሙኻኑ ኣይፈለጠን፥ እቶም ማይ ዝመልኡ ተዓጥቕቲ ግና ይፈልጡ ነበሩ።" ዮሃ2፥7*** ካብዚ እንርደኦ ነቲ ንሓልፎ ዘሎና ናይዚ ምድሪ ኩነታት ፍታሕ ኣብ ኢድ ጎይታ የሱስ ከም ዘሎ ኣሚና ልክዕ ከምቲ እቶም ተዓጣቕ ነቲ ጎይታ ዝበሎ ቃል ዝተኣዘዙ እሞ ጎይታ ድማ ኣብቲ ቃና ገሊላ ክብሩ ዝገለጸ፥ ከምኡ ድማ ንሕና ነቲ ዘለና መንፈሳዊ ናብራ ዕዉታት ኳንና ኩሉ ሳዕ ሰዓርቲ ክንከውን ብመንፈስ ቅዱስ ክንዕጠቕ ኣለና። ጎይታ ነዚ ኢሉ ንደቀ መዛሙርቱ "**ሓቛቕኹም ዕጡቕ፡ መባርህትኹም ብሩህ ይኹን**" (ሉቃ 12፡35) ብምባል ብመንፈስ ተዓጢቆም ነቲ ፍቓዱ ኣብዚ ምድሪ ከተግብሩ ዝነገሮም። ነዚ ጽቡቕ ገይሩ ከረድኦ ኢሉ ድማ ንጴጥሮስ ደጊሙ "**ንስኻ በጽሒ ኽሎኻ፡ ባዕልኻ ተዐጢቕካ ናብ ዝደሌኻዮ ትኸይድ ኔርካ። ምስ ኣረግካ ግና፡ ኣእዳውካ ኽም እተልዕል እሞ ካልእ ከም <u>ዜዕጥቐካ ናብ ዘይደሌኻዮውን ከም ዚወስደካ፡</u> ብሓቂ ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ፡ በሎ**"(ዮሃ 21፡18) እዚ ዝበሎ ብመንፈስ ቅዱስ ተዓጢቑ ብኽመይ ዝበለ ሞት ንኣምላኽ ከኽብሮ ከም ዝኾነ ነጊርዎ። ከምቲ ጎይታ ዝበሎ ድማ ጎይታ ጴጥሮስ ቅድሚ ብመንፈስ ቅዱስ ምዕጣቑ፡ ሓንቲ ገረድ ከም ዘፍርሃቶ ኢና ንርኢ፡ ደሓር ምስ ተዓጥቀ ግና ኣብ ቅድሚ ሰለስተ ሽሕ ነፍሳት ኮይኑ ብዘይ ፍርሃት ብዛዕባ ምድሓን ጎይታና የሱስ መስኪሩ፡ ብዙሓት ነፍሳት ከኣ ናብታ ማሕበር ጎይታ ተወሰኻ (ግብ 2፡37-41)። ናይዚ ኩሉ ምኽንያት ግና እቲ ዕጥቂ መንፈስ ቅዱስ እዩ። እዚ ዕጥቂ መንፈስ ቅዱስ ጽቡቕ ገይሩ ስለ ዝተረድኦ ድማ ኣብ መልእኽቱ "**ስለዚ ሓቛቕ ልብኹም ተዐጢቕኩም እናተጠንቀቕኩም፡ ነቲ ብምግሃድ የሱስ ክርስቶስ እትረኽብዎ ጸጋ ምሉእ ተስፋ ግበሩ**" 1ጴጥ1፥13 ብምባል ልቦም ብመንፈስ ቅዱስ ክዕጠቁ እሞ ነቲ ዝጽበዩዎ ተስፋ ብቑዓት ከም ዝኾኑ ዝነገሮም።

ብተመሳሳሊ እታ ደገኛ ሰበይቲ እንተ ሪኢናያ "*<u>ሕቆኣ ብሓይሊ ተዓጢ.ቃ፡</u> ቀላጽማ ስለዘበርትዐት,, ሓይልን ክብረትን ልብሳ ኮይኑ፡ ነቲ ዝመጽእ መዓልቲ ከኣ ስሒቓቶ*" (ምሳ 3፡17-25) ። ንሳ እዚ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኣዘራርብኣ ውን ልዝብቲ እያ ነይራ። እቲ ቃል "**ኣፋ ብጥበብ ትኸፍት፡ ትምህርቲ ለውሃት ድማ ኣብ ልሳና እዩ**" (ምሳ 31፡26) ይብለና። እዚ ዘርእየና እዛ ደገኛ ተምሳል ማሕበር ኣምላኽ ከምዝኾነት እዩ። ማሕበር ኣምላኽ ድማ ብሓይሊ መንፈስ ቅዱስ ተዓጢ.ቃ ከተገልግል ከም ዘለዋ፡ ሽዑ ንኹሉ ኣብዚ ምድሪ ዘጋጥማ መሰናኽላት ብእምነት ከም ትስዕሮ እዩ (1ዮሃ 5፡4)። ነቲ ዕጥቂ ከፍትሓ ዝደሊ ዘረባታት ከኣ እዝኒ ከይሃበት፡ ከናፍራ ህይወት ዘለዎ ዘረባ እንዳ ተዛረበት፡ ነቲ ዝመጽእ እዋናት ክትስሕቆ ከም ዘለዋ እዩ። ወላ ኣብ መሃልየ መሃልየ ዘላ ፈታዊት እንተ ሪኢናያ፡ እቲ ፈታዊኣ "**ኩላቶም ሰይፊ ዚሕዙ፥ ምሁራት ውግእ እዮም። ስለ ፍርሃት ለይቲ ነፍሲ ወከፍ ሰሰይፉ ዕጡቕ እዩ**" መህ3፡፥38 ብምባል ነታ ፈታዊቱ በቲ ናይ መንፈስ ሰይፊ ዝኾነ ቃል ኣምላኽ ክትዕጠቕ ሚዕድዎ።

ስለዚ እምበኣር ሎሚ ብቃሉን በቲ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ መንፈስ ቅዱስን ከም ዝግባእ ንተዓጠቕ። ነቲ ንመንፈስ ቅዱስ ዘጉህዮ ዘይሃንጽ ዘረባታት ድማ ካባና ኣሊና፡ ንዕኡ ዘሐጉስ እንዳ መርመርና ከም ደቂ ብርሃን ኮይና ንመላለስ። ነዚ ጽቡቕ ገይሩ ስለዝተረድኦ እዩ ድማ ሃዋርያ ጳውሎስ ነቲ ብመንፈስ ወዱ "**ነቲ እተቐበልካዮ ጽቡቕ ሕድሪ በቲ ኣባና ሓዲሩ ዘሎ <u>መንፈስ ቅዱስ ሐልዎ</u>**" (2ጢ.መ 1፡14) ብምባል ነቲ ዘለዎ ሕድሪ ብመንፈስ ቅዱስ ተዓጢቑ ክሕልዎ ዝመዓዶ። እዚ ኣብ ህይወትና ብተዓጠቕናሉ ድማ መንፈሳዊ ዑረትን ድንቁርናን ካባና ክእለ፥ ብርሃንና ከም ወጋሕታ ኮይኑ ክወጽእ፥ ምሕዋይና ቀልጢፉ ክበቁል፥ ጽድቅና ድማ ቀቅድሜና ክኸይድ፥ *<u>ክብሪ እግዚኣብሄር ድማ ደጀንና ኪኸውን እዩ</u>*። ኣሜን!

**እቲ ሓያል ሰብ ኣጽዋሩ ሒዙ፥ ገዝኡ እንተ ሓለወ፥ ብዘሎ ጥሪቱ ደሓን ይኸውን። ሉቃ11፥21**

# ለሰ ባራካ

## Jehovah Remember

እግዚኣብሄር ኣብ ዘመናት ኩሉ ንህዝቡ ምስ ዘከረ እዩ። ሓደ ካብቶም ዝተዘከረ ከኣ ዘካርያስ እዩ። ወላ እኳ ዘካርያስን ኤልሳቤጥን ዕለቶም ዝሓለፈ መኻናት እንተ ነበሩ እግዚኣብሄር ግና ምሕረቱ ብምዕባይ ዘኪርዎም፡ ዉሉድ ድማ ሂብዎም። ዘካርያስ ክትርጎም ከሎ "እግዚኣብሄር ይዝክር" ማለት እዩ። ዉሉድ ምስ ረኸቡ ድማ እቶም ፈሪሳውያን ደጊሞም ብስም ኣብኡ ዘካርያስ ሰመይዎ። ኤልሳቤጥ ግና <u>'ኣይፋሉን የውሃንስ እዩ ዝስመ'</u> በለቶም (ሉቃ 1፡60)። የውሃንስ ክትርጎም ከሎ <u>እግዚኣብሄር መሓሪ</u> ማለት እዩ። በዚ ምሕረቱ ስለ ዘዕበየሎም ከኣ እቶም ጎረባብቶምን ኣዝማዶምን ምስኦም ተሓጎሱ። ምሕረት ኣምላኽ ቃል ብቓሉ ክትርጎም ከሎ እግዚኣብሄር ኪዳኑ የሐዲሱ ንህዝቡ ክድንግጸሉ ከሎ ማለት እዩ።

ኣብዚ ጽሑፍ ኣምጺኤዮ ዘለኹ ከኣ ብዛዕባ እታ ኣብ ሃገርና ዘላ ማሕበርን ምሕረቱ ከዕብየላ እዩ። ብዛዕባ እዚ ምስ ገለ ኣሕዋት እናጸለና ከለና ድማ ጎይታ እዛ ቃል ናብ ልብና ኣምጽኦ **"ኤልሳቤጥ ክትወልድ ኣዋርሓ በጽሔ ወዲውን ወለደት።ጐረባብታን ኣዝማዳን ድማ፡ እግዚኣብሄር ምሕረቱ ኸም ዘዕበየላ ሰሚያም፡ ምስኣ ተሐጐሱ።"** (ሉቃ 1፡57-58)

እዚ ድማ ምልክት ናይቲ ኣብዚ ምድሪ ዝውለድ ክብሪ እዩ። እዚ ብምልኣት ክግለጽ ድማ ከምቲ ሃዋርያት ብሕብረት ኮይኖም **"ሕጂ ድማ፡ ጐይታይ፡ ናብ ምፍርራሆም ርኤ፡ ብስም እቲ ቅዱስ ወድኻ የሱስ፡ ምሕዋይ ሕሙማትን ትእምርትን ተኣምራትን ኪኾውን፡ ኢድካ ዘርግሕ፡ንባሮትካ ድማ ብኹሉ ትብዓት ቃልካ ኺዛረቡ ሀቦም።"** (ግብ 4፡29-30) ዝበልዎ፡ ንሕና ድማ ሎሚ ብሓደ ልቢ ኳንና ምሕረቱ ከዕብየልና፡ ኢዱ ክዝርግሓልና ብእምነት ንለምን። እግዚኣብሄር ድማ ካብቲ ዝተጸበናዮን ዝሓሰብናዮን ንላዕሊ ከገርመና እዩ። ኣሜን

**"እቲ መልኣኽ ድማ በሎ፡ ዘካርያስ፡ ጸሎትካ ተሰሚዑልካ እዩ እሞ፡ ኣይትፍራህ። ሰበይትኻ ኤልሳቤጥ ወዲ ኽትወልደልካ እያ፡ ስሙውን ዮሃንስ ክትሰምዮ ኢኻ።ንሱ <u>ሓጐስን ተድላን ኪኾነልካ እዩ፡</u> ብልደቱ ኸኣ ብዙሓት ኪሕጐሱ እዮም,,, ንሱ ብቑዕ ህዝቢ ንእግዚኣብሄር ኬዳሉ፡ ልቢ ኣቦታት ናብ ውሉድ፡ ንዘይእዙዛት ድማ ናብ ጥበብ ጻድቃን ኪመልስ፡ ብመንፈስ ኤልያስን ብሓይሉን ቀቅድሚኡ ኪኸይድ እዩ"** (ሉቃ 1፡13-17)

## ኣብ ጁባይ እየ ኣቐሚጠዮ

ሓደ እዋን ሓደ ንፉዕ ሓው ኣብ ሓደ ስራሕ ከም ማናጀር ኮይኑ ተቖጽረ፡ ዝነበሮ እሙንነት ከኣ ኩሉ ሰብ ይፈትዎ ነበረ። ሓደ ግዜ ግና ነቲ ስራሕ እናሰርሐ ከሎ ብዝሕ ዝበለ ገንዘብ ጠፍኦ እሞ፡ ኩሎም እቶም መሳርሕቱ ደንገጹሉ። ንሱ ግና በዚ ከይተዳህለ ንጽባሒቱ ከም ቀደሙ ነቲ ስራሕ ብእሙንነት ቀጸሎ። ገለ ሰባት ድማ ኣታ እዚ ኩሉ ገንዘብ ጠፊኡካስ እንታይ ደኣ ቅሩብ ከማን ኣይትጉህን በልዋ። ንሱ ከኣ ሓቅኹም "ግናኸ ገንዘብ ኣብ ጁባይ እምበር ኣብ ልበይ ኣይኮንኩን ዘቐምጦ" በሎም እሞ ብመልሱ ኣዝዩ ገረሞም።

እዚ ዘርእየካ ከኣ ነቲ ንረኽቦ ገንዘብ ኣብ ልብና ዘይኮነስ ብጥንቃቐ ሒዝና ኣብቲ ዝግብኦ መዓላ ከነውዕሎ ከም ዘለና፡ ንመንፈሳውነትና ከኣ ልዕሊ ኩሉ ክንሰርዖ ከምዘለና እዩ። ከመይሲ ንኣምላኽን ንገንዘብን ክትግዛእ ስለ ዘይብልካ።

**"ንሱ ባዕሉ፡ ኣይክሐድገካን ዕሽሽውን ከቶ ኣይክብለካን እየ፡ ኢሉ እዩ እሞ፡ ንብረትኩም ብዘይ ፍቕሪ ገንዘብ ይኹን፡ በቲ ዘሎኩም ዕገቡ"**
**(እብ 13፡5)**

## ናይዛ ወርሒ መዝሙር

*ኣምላኽ ንባርይኡ ሰሓቅ ገይሩለይ*
*ኣሰይ እልልታ ፈልፊለን ከናፍረይ*
*ሓጎስ መሊእዎ ውሽጠይ ልበይ*
*ኣሰይ ክዝምር ከመስግን የ<u>ሱሰይ</u>(2x)*

*ኣምላኽ ክዝክረካ <u>ክንደይ ይጥዕም(2x)</u>*
*ዝኣተዋ ኪዳን ዘይጠልም*
*ብተስፋ ንዝጽበይዎ ኩሎም*
*ብእልልታ ምድሓን ይመልእ ደምቢኦም*
*ኣምላኽ ንባርይኡ . . .2x*

*ዘማሪ ዮውሃንስ*

## ገምጋም ህይወት ዓመተ 2017-2018

ካብዘን ተዘርዚረን ዘለዋ ኣብ ህይወትና ነዘውትር እንተ ኼንና 1 እንተ ዘየብልና 0፡ ኣብ 2018 ነዚ ክህልወና ንደሊ እንተ ኬንና ( 1 )ንግበር።

| ተ.ቁ. | | 2017 ኔሩኒ | 2017 ኣይነበረን | 2018 ክህልወኒ ይደሊ |
|---|---|---|---|---|
| 1 | ንመጽሓፍ ቅዱስ ኣብ መዓልቲ እንተ ወሓደ 3 ምዕራፍ የንብብን የስተንትን | | | |
| 2 | ካብተን ዝተዋህባኒ 24 ሰዓታት ብዉሑድ 1 ሰዓት ይጸሊ | | | |
| 3 | ኣብቲ ዘገልግሎ ወይ ዝሰርሖ ካብ መንፈስ ቅዱስ መሪሕነት ይሓትት | | | |
| 4 | ንመዓልቲ እንተ ወሓደ ን1 ሰብ ወንጌል ይነግር | | | |
| 5 | ንዝተዋህበኒ ተልእኾ (ዕዮ) ትንኣስ ትዕበ እሙን ክኸውን ይተግህ | | | |
| 6 | ድራር ጎይታ ርዝነቱ ተረዲኡኒ ብግቡእ ወሲደ | | | |
| 7 | ንዘኽታማትን መበለታትን ኣብ ሓዘን ዘለዉን መደብ ገይረ ይበጽሕ | | | |
| 8 | ንተኣሲሮም ዘለዉ ኣሕዋት ብዝተፈለየ መገዲ ይሕግዝ | | | |
| 9 | ካብቲ ዝተዋህበኒ ገንዘብ ሞባእን ዕሽርን ይህብ | | | |
| 10 | ስለ ማሕበር ኣምላኽን መራሕቲ ሃገርን ህዝቢ ኤርትራን ብመሰረት (ቆሌ4፥12)(1ጢመ 2፡1) ይምህለል | | | |

ካብዘን ተዘርዚረን ዘለዋ ካብ 7 ንላዕሊ እንተ ደኣ ረኺብና ኣብ ጽቡቅ መንፈሳዊ ደረጃ ኣለና። ካብ 3-6 እንተ ረኺብና ኣብ ደሓን ደረጃ ኣለና፡ ኣብ 0-2 ዘለና ድማ ኣብ ትሑት ደረጃ ኣለና ማለት እዩ። ስለዚ ነቶም ልዕሊ 7 ዝረኸብና ከምቲ ንፊላደልፊያ ዝተባህለት "ቀልጢፈ እመጽእ ኣሎኹ፥ ሓደ እኳ ኣኽሊልካ ኸይዝርፈካስ፡ ነቲ ዘሎኻ ኣጽኒዕካ ሐዞ"(ራእ 3፡11) ዝተባህለት ነቲ ዘለና ኣጽኒዕና ንሓዞ። ነቶም ትሑት ደረጃን ማእከላይ ደረጃ ዘለናን ድማ እዚ ዝተዘርዘረ ኣብ ህይወትና ብምልኣት ምእንቲ ክግለጽ ንጎይታ ንለምኖ (ኤፌ 1፡17-18)ርኤ።

**"ሓደ ኻባኻትኩም ጥበብ እንተ ጐደሎ ግና፡ ነቲ ኸየስተሐፈረ ንዅሉ ብልግሲ ዚህብ ኣምላኽ ይለምኖ፡ ኪውሀቦውን እዩ"** (ያቆ 1፡5)

## ሰይጣን ድኳን ከፊቱ

ሰይጣን ኣብ ሓደ ቦታ ኣዚዩ ዓብይ ድኳን ክኸፍት ደልዩ፡ ብዙሕ ምውዕዋዕ ክገብር ድሕሪ ምቕናዩ፡ ትማሊ ዓርቢ ግና ብዙሓት ሰዓብቱ ኣብ ዘለውዎ ብጓይላን ብመስተን ገይሩ ብምዕጃብ ከፊትዎ። ዋላ'ኳ ኣብቲ መእተዊ ዘረብኡ "ዋጋታትና ርትዓዊ እዩ" እንተ በለ፡ ንሱ ግና ንሓሶት ኣቦኣ ስለዝኾነ ኩሉ ትሕዝትኡ ኣዚዩ ክቡር ከምዝኾነ እዮም እቶም ዓደግቲ ገሊጾም። ሓደ ካብቶም ክገዝኡ ናብቲ ድኳን ዝከደ ሰብ ድማ ነቲ ዝርዝር ዋጋታት ምስ ረኣየ ኣዝዩ ሰንበደ። ሓንቲ ግና ጽብቕቲ እትመስል ኣቕሓ 'ግናኸ ሕስርቲ' ምስ ረኣያ። እንታይ ደኣ ሰይጣን ካብዘን ኩለን ንብረታትካ ነዚኣ ኣሕሲርካያ ብምባል ድማ ሓተቶ። ሰይጣን ከኣ ኣስዕብ ኣቢሉ "እዚኣ እዞም ክርስቲያናት ዝበሃሉ ብዙሕ እዮም ዝዕዱግለይ በሎ" ንሱ ድማ እንታይ እዩ'ኸ ስማ ምስ በሎ፡ ንኻልእ ደኣ ኣይትንገር እምበር 'ተስፋ ምቑራጽ' እያ ትበሃል በሎ።

ካብዚ ኣብነት ጌርና ኣምጺእናዮ ዘለና ሕጂ ውን ሰይጣን ዝውሕጦ ደልዩ ከም ዝጓዝም ኣንበሳ ተስፋ ከቑርጽ ይዘውር ስለ ዘሎ ኩሉኹም ነዚ መወዓውዒ ርኢኹም ከይትዕድጉ ሓደራ ንብል። ካልእ ውን ከም በዓል ሙዚቃዊ ድራማታት (ቃና ፊልም)፡ ጽዩፍ ስእልታት (pornography)፡ ሕሜት፡ ዝሙት ኣሕሲሩወን ስለ ዘሎ ተጠንቀቑ።

**"ድያብሎስ፡ እቲ መጻርርትኹም፡ ዚውሕጦ ደልዩ ኸም ዚጓዝም ኣንበሳ ኹይኑ ይዘውር ኣሎ እሞ፡ ተጠንቀቑ፡ ንቕሑ"** (1ጴጥ 5፡8)

ካብ ማህደር ታሪኽ ዝቐጸለ ...

ብድሕርዚ እቲ ዝተረፈ ህይወት ቐሺ ሓይለኣብ ኣዝዩ ዘሐጉስ እኳ እንተ ነበረ፥ ግናኸ ከምቲ ቃሉ *"ጻድቕ ይመዉት እሞ ዝሓስቦ የልቦን፥ እቶም ፈራሃት እግዚኣብሄር ከኣ ይምንጠሉ እሞ፥ እቲ ጻድቕ ካብ እኪይ ከም እተኣርነበ ዜስተንትኖ የልቦን"* ኢሳ57፡1 ዝብሎ መዓልቲ ሞቶም ኣኸለት።

ኣብ 1876 ቐሺ ሓይለኣብ ምስ ሚስዮናዊ ላገር ኣብ ዓዲ ቆንጺ በሪኽ ቦታ ኮይኖም ውግእ ሃዘጋን ጸዓዘጋን ይካታተሉ ኣብ ዝነበሩሉ እዋን። እቲ ውግእ ስለ ዝበርትዐ ናብ ቤት ክርስትያን ቅዱስ ገርጊስ ኣትዮም ተዓቆቡ። ግናኸ ሓደ ካብቶም ናይ ሃዘጋ ዓቀይቶት ንቐሺ ሓይለኣብ ስለ ዘለለዮ "ሚኪኤል ኣየድሕንን እዩ'ዶ ኣይትብሉን ነበርኩም" ኢሉ ኣብኦም ነደረ። ቐሺ ሓይለኣብ ከኣ "ሚኪኤል ሎሚ የድሕን ዲዩ ኣየድሕንን ሎሚ ካባኻ እንተ ኣድሒኑኒ ክንርእዮ ኢና" ኢሉ መለሰሉ። እቲ ዓቀይታይ ከኣ በቲ ሒዝዎ ዝነበረ ጉራዴ ንቐሺ ሓይለኣብን ንላገርን ቀተሎም። ናይ ቐሺ ሓይለኣብን ላገርን መቓብሮም ኣብ ዓዲ ቆንጺ ይርከብ።

# ማህደር ታሪኽ

## ቐሺ ሓይለኣብ

ኣብ ዝሓለፈ ሕታምና ቐሺ ሓይለኣብ ፈላሚ ጽሩይ ወንጌል ኣብ ኤርትራ ከምዝኾነን ብብዙሕ መሰናኽላት ክሳዕ ሞት ከም ዝበጽሐን ብድሕሪኡ ንግዚኡ ካብ ዓዱ ከም ዝረሓቐ ርኢና ኔርና።ንሎሚ ድማ ካብኡ ብምቕጻል ክንርኢ ኢና'ሞ ሰናይ ንባብ።



ድሕሪ ቐሺ ሓይለኣብ ነቲ ሕድሪ ዝቐጸልዎ ኣቦታት

ድሕርዚ እግዚኣብሄር ኣብዛ ምድሪ ክፍጽሞ ዝደለዮ ዓብይ ግብሩ ኣብ ቀሺ ሓይልኣብ ብራእይ ገለጸ። ሓደ ምሸት ቀሺ ሓይልኣብ ደቂሶም ከለዉ "ኣብ ሕልመይ ሓዳስ ቤተ ክርስትያን ክሰርሕ ርእየ" "ናብ ፍረ ዘለዋ ኦም ናብ ላዕሊ ደይበ፡ ካብ ፍረኣ ድማ ንብዙሓት ሰባት ይዕድል ነበርኩ።" "ሓደ ሰባኺ ወንጌል፡ ኣብ ጸዓዘጋ ብርሃን ክወርድ እርኢ ኣለኹ በለኒ።" እዚ ሕልምታት እዚ ምስ ሸወደናዉያን ልኡኻት ወንጌል ከይተራኸቡ ከለዉ ዝረኣይዎ እዩ። ኣብ ሰማይ እተፈጸመ ሓደ ፍጻሜ፡ ኣብዛ ምድሪ ንኽግለጽ ኣብቲ እሙን ባርያኡ ቀሺ ሓይልኣብ ኣቐመጦ። ቅኑዕ መለኮታዊ ራእይ ናብ ብሉጽ ውሳኔ ዝወስድ መገዲ ስለ ዝኾነ ድማ ተዓዊቱ። ሃዋርያ ጳውሎስ ከምዚ ይብል "... **ነቲ ሰማያዊ ራእይ ኣይኣበኽዎን...** " (ግብ 26፡20)። ቀሺ ሓይልኣብ ተስፋይ ከኣ ነቲ ዝረኣይዎ ሰማያዊ ራእይ ምንዛዝ ኣይኣበዩን፡ የግዳስ ተባዕ ዉሳኔ ደኣ ወሰዱ። እቲ ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ውጹእ ዝኾነ፡ ጣኦት ኮይንዎም ዝነበረ፡ ኣብ ውሽጦም ዝሓደረ ልምድን ስርዓትን ካብ ሱሩ ምሕዮም ኣውጽእዎ። ነዚ ተባዕ ውሳኔ ክወስዱ ኸለዉ፡ ንዝነበሮም ጽምእን ሃረርታን በታ ኣብ ቤተ ክርስቲያን ቅዱስ ጊዮርጊስ ጸዓዘጋ እተረኽበት መጽሓፍ ቅዱስ፡ ቅኑዕ መልስን መገዲ ምድሓንን ረኸቡሉ። እዚ ከኣ እቲ ብናይ ለይቲ ራእይ ዝረኣይዎ፡ ግኡዛዊ መንደቕ ዘይኮነ ደፊኦም ዘውደቕዎ ኣብ ውሽጦም ተሃኒጹ ዝነበረ ብዓይኒ ስጋ ዘይርአ ረቂቕ መንደቕ እዩ ዝነበረ። በዚ ዝሓዝዎ መገዲ ምሕዳስ፡ ምድሓን ብእምነት የሱስ ክርስቶስ ምዃኑ ተረድኡ። ካብዚ ምግላጽ እዚ ብምብጋስ ኣብ ውሽጦም ሓዳስ ቤተ ክርስትያን ኪሃንጹ ጀመሩ። ነቲ ክፈርስ ዘለዎ ከፍርስዎ፡ ነቲ ክህነጽ ዘለዎ ድማ ክሃንጽዎ ዝተገልጸሎም ራእይ ብርሃን ወንጌል ፍጻሜ ከም ዝረኸበ ቀሺ ሓይልኣብ የረድኡ። ኣብ ውሽጢ ልቦም ንዝነበረ ኣብ ቃል እግዚኣብሄር ደገፍ ዘይብሉ ልምዲ ብምውጻእ፡ መንፈስ ቅዱስ ንኩለንትናኦም ከብርሀ ብምፍቓድ ብርሃን ዓለም ኮኑ። ***"መንፈስ ቅዱስ መገዲ ምድሓን ኪመርሓና ከሎ፡ ብጽውዓን ብምብራህን ብንስሓን ብምጽዳቕን ብሓድሽ ልደትን ብምቕዳስን ኣሕሊፉ ናብ ክብሪ የእትወና።"*** እታ ኣብ ሰማይ እተኣመመትን እተመደበትን ቤተ ክርስትያን፡ ኣብ ምዱብ ግዚኣ ክሳዕ ትግለጽ ኣብ ውሽጦም ነበረት። ኣብ ውሽጢ ቀሺ ሓይልኣብ ዝነበረት ቤተ ክርስቲያን፡ ድሕሪ 66 ዓመታት ተገልጸት።

ቀሺ ሓይልኣብ ብምሕዳስ ሓሳቦም እተለወጡ፡ ምዉቕ መንፈሳዊ ህይወት ዝነበሮምን፡ ስስዔ ገንዘብ(ምድራዊ ነገር) ዘይነብሮም እሙን ባርያ ኣምላኽ ነበሩ። ፕር ኤሪክ ላገር፡ ነዚ ጸጋ ዝዓዘዞ ህይወት ርእዮምን ኣስተውዒሎምን "ውሽጣዊ ሰብ ናይ ቀሺ ሓይልኣብ ህይወት የተንፍስ ነይሩ፡ ኣመንቲ ከኣ ብእኡ ይሞቑ" በሉ። ቀሺ ሓይልኣብ ህይወት ዘተንፍሱ እሙን ባርያ ኣምላኽ እዮም ዝነበሩ። ካብኦም ዝወጽእ ዝነበረ ምዉቕ ህይወት ንብዙሓት ኣመንቲ የሙቕም ነበረ። ቀሺ ዘራጽዮን <u>ሙሴን፡ ቀሺ ሰለሙን ዓጽቁን፡</u> ነቲ ሕድሪ ዝቀጸልዎ ብዛዕባ ቀሺ ሓይልኣብ ክምስክሩ ከለዉ፡ "ቀሺ ሓይልኣብ ንመጽሓፍ ቅዱስ ብዕምቀት ፈሊጥዎ ነበረ እሞ በቲ ዘመን እቲ ዝገጥሞ ሰብ ኣይነበረን፡ ብዘይ መምህር ብመንፈስ ቅዱስ ተገሊጹሉ ነበረ" ይብሉ። ምልኣት ቃል ኣምላኽ ዝነበሮም፡ መንፈስ ቅዱስ እተገልጸሎም እሙን ኣገልጋሊ ከም ዝነበሩ ክንስተውዕል ንኽእል። ***ጸጋ እንተ መሊእካ ንርእስኻ ትኸውን፡ እንተ ኣንጀርቢብካ ኸኣ ንኻልኦት'ውን ትኸውን ኢኻ።*** ኣብ ቤተ ክርስትያን ቅዱስ ጊዮርጊስ ኣብ ዝነበረ ዝርርብን ክትዕን፡ ካብዚ ምልኣት ቃል ኣምላኽ ተበጊሶም እዮም ዝርትዑ ዝነበሩ። ምስ ብጾቶም ብእምነቶም ተኸሲሶም ኣብ ቅድሚ ራእሲ ባርያኡ ምስ ቀረቡ፡ ካብቲ ኣብ ውሽጦም ዝነበረ ምልኣት ቃል ኣምላኽ ምላሽ ይህቡ ነበሩ። ኣብ መወዳእታ ክፈትሕዎም ከለዉ፡ ንቀሺ ሓይልኣብ ካብ ብጾቶም ኣትሪፎም፡ ኣብ ሓዲሽ ኪዳን ዝነበሮም ሕቶ ሓተትዎም። ንሶም ከኣ ብዘገርም መገዲ ንምስጢር ቃል ኣምላኽ መንፈስ ቅዱስ ብዝገለጸሎም ኣብርሁሎም፡ እቲ "ኣብ ፍረ ዘለዎ ገረብ ደይበ፡ ካብኣ ንብዙሓት ዓደልኩ፡" ዝብል ራእዮም ተገልጸ፡ ንሹመኛታት ምድሪ፡ ንካህናትን ንፈለስትን ካልእ ህዝብን ብስራት ምድሓን እናነገሩ ይምግቡን የበስሩን ነበሩ። ኣብቲ ናይ እምነት ስደትን መከራን እዋን ከይተረፈ፡ ብምኽንያት ዋዒ ናብ ምብራቓዊ ቆላ ዓይለት ምስ ወረዱ፡ ምኽኣል ሲኢኖም ሓሚሞም ኣብ ጽላል ብዓትታት ተሓቢኦም ከለዉ ከይተረፈ ንተመሃሮኦም ይምህሩን ይምግቡን ነበሩ። ካብቲ እንጌራ ምድሓን ፍረ ህይወትን ዝኾነ የሱስ ክርስቶስ እናተመገቡ ንኻልኦት ይምግቡ ነበሩ። ናብ ገጽ. 6 ይቅጽል ...

# ዓምዲ ምኽሪ

## ሓጢኣት መዋረዲ እዩ

**“ንጽድቀይ ኣጽኒዔ እሒዞ፡ ከቶ ኣይሰዶን፣ካብተን መዓልትታተይ ልበይ ስለ ሓንቲ እኳ ኣይነቕፈንን።”** (እዮ 27፡6)

ዝበዝሐ እዋን ሓጢኣት ንገብር፡ ሓጢኣት እንታይ ምዃኑ ስለ ዘይንፈልጥ እዩ። ሓጢኣት ቃል ብቓሉ ክትርጎም ከሎ <u>ዕላማኻ ምስሓት</u> ማለት እዩ። ንኣብነት ሓንቲ ነፋሪት ወይ ባቡር ካብቲ ዝተዋህባ መስመር እንተ ስሒታ እንታይ ዓይነት ጉድኣት ከም ዘጋጥማ ርዱእ እዩ። ልክዕ ሓጢኣት ኣብ ህይወትካ ምድግጋም ከኣ ፍጹም ዝኾነ ዉርደት፡ ሕስራን እዩ ዘምጽእ። ነዚ ስለ ዝተረድኣ እዩ ንጉስ ሰለሙን **“ጽድቂ ንህዝቢ ልዕል ይብሎ፡ ሓጢኣት ግና ውርደት ህዝብታት እዩ።”** (ምሳ 14፡34) ብምባል ሓጢኣት መዋረዲ ከምዝኾነ ዝተዛረበ። መብዛሕትና ሓጢኣት ምስ ገበርና ኣምላኽ ዝጸልኣና ኮይኑ እዩ ዝስምዓና። ግናኸ ከምኡ ኣይኮነን፡ ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ “ኩሎም ሓጢኦም፡ ክብሪ ኣምላክ ስኢኖም” (ሮሜ 3፡23) ዝበሎ እቲ ኣባና ዘሎ ክብሪ ኣምላኽ ብምልኣት ከይግለጽ ኢና ንዓግቶን ንመንፈስ ቅዱስ ነጉህዮን (ኤፌ 4፡30)ርኤ። እዚ ከይከውን ግና ንሕና ኣብዚ መዋቲ ስጋና ንሓጢኣት ቦታ ኣይንሃቦ። ኣብዚ ሓደ ክንፈልጦ ዘለና ሰይጣን ብሓይሊ ኣጓዕጺጹ ሓጢኣት ከግብረና ፍጹም ኣይክእልን እዩ። እቲ ንሱ ዝገብሮ ግና ሓሳብ ኣብ ኣእምሮና ብምልኣኽ ንትምኒቱ ክንእዘዝ ክፍትነና ይኽእል እዩ (ሮሜ 6፡12)። ንኣብነት እግዚኣብሄር ንቃኤል **“ጽቡቕ እንተትገብርሲ፡ ገጽካዶ ትኽ ኣይምበለን፡ ጽቡቕ እንተዘይገበርካ ድማ፡ ሓጢኣት ኣብ ኣፍ ደገ ትቃጸወካ ኣላ፡ ሃረርታኣውን ናባኻ እዩ፡ ግናኸ ንስኻ <u>ክትገዝኣ ይግብኣካ፡</u> በሎ**”(ዘፍ 4፡7)። ካብዚ ንርድኦ ሓጢኣት ክፍትነና ከምዝኽእል፡ ግናኸ ንሕና ነቲ ሓጢኣት እምቢ ኢልና፡ ብጽድቂ ክንመላለስ ክንሕልን ኣለና፡ Righteous means right stand with God. ጽድቂ ማለት ወገን ኣምላኽ ምዃን ማለት እዩ። እዚ ድማ ቀሊል እዩ፡ ከመይሲ ንሕና ትሕቲ ጸጋ ስለ ዝኾንና ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ክንገዝእ ስልጣን ኣለና። ሓንትስ ክንጥንቀቕ ዘለና ሸለል ብምባል ካብ ጸጋ ከይንጎድል እሞ፡ ገለ መሪር ሱር ቦቒሉ ኣብ ሓጢኣት ከየውድቀና እዩ (እብ 12፡15)

- ሲምሶን ብሸለልትነት፡ ኣብ ሓጢኣት ብምውዳቑ፡ ክልተ ኣዒንቱ ስኢኑ።
- ዮሴፍ፡ ጽድቁ ኣጽኒዑ ብምሓዙ፡ ዘመን ክብረት ርእዩ።

ስለዚ እምበኣር ሎሚ ሓጢኣት መዋረዲ ከም ዝኾነ ተረዲእና ንትምኒቱ ከይንእዘዝ ኣብዚ መዋቲ ስጋና ሓጢኣት ኣይነንግስ። ከምቲ ሃዋርያ ጳውሎስ **“ትሕቲ ጸጋ እምበር፡ ትሕቲ ሕጊ ስለ ዘይኰንኩም፡ ሓጢኣት ኣይመልከኩምን እዩ እሞ፡ ከም ሞይቶም ዝተንስኡ ርእስኹም ንኣምላኽ ወፍዩ እምበር፡ ንኣካላትኩም ኣጽዋር ዓመጻ ንሓጢኣት ኣይትግበርዎ፣<u>ንኣካላትኩምሲ ኣጽዋር ጽድቂ ንኣምላኽ ደኣ ግበርዎ።”</u>** (ሮሚ 6፡13-14) ዝበሎ ንኣካላትና መሳርሒ ኣጽዋር ጽድቂ ክኸውን ንኣምላኽ ንወፍዮ። ሽዑ ጽድቂ ልዕል ከብለና፡ ኣብዚ ምድሪ ድማ ብኽብሪ ክንመላለስ ብቕዓት ክንረክብ ኢና።

**“ጽድቂ ፈቶኻ ዓመጻ ኸኣ ጸላእኻ፥ ስለዚ እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ሓለፋ ብጾትካ ብዘይቲ ሓጎስ ቀብኣካ” እብ1፥9**

**ኣሜን!**

## <u>ፍረ ምፍራይ</u>

ንህይወት ክርስትና ሓደ ካብቲ መለለይኡ ፍረ ምፍራይ እዩ። ጎይታ’ውን ሓደ ካብቲ መደቡ ፍረ ክንፈሪ እዩ። **“ ኣነ ሐሬኹኹም እምበር፡ ንስኻትኩም ኣይሐሬኹምንን። ክትከዱን ፍረ ኽትፈርዩን ፍሬኹምውን ነባሪ ኪኸውን፡ ነቦ ብስመይ ዝለመንኩምዎ ዘበለ ምእንቲ ኺህበኩም፡ ነዚ መደብኩኹም”** (ዮሃ 15፡16) ይብለና። ፍረ ምፍራይ ግና ስቕ ኢልካ ዝርከብ ኣይኮነን። ንኣብነት ሓንቲ ተኽሊ ፍረ ክትህበና እንተ ኾይና፡ መጀመርታ ጽቡቕ ዝኾነ ሓመድ ጌርና ክንኩስኩሳ ኣለና፡ ድሕሪኡ ድማ መዓልታዊ እኹል ዝኾነ ማይ ጌርና ክንከናኸና ኣለና። ንሳ ድማ ሽዑ ብዙሕ ፍረ ክትፈሪ ናይ ግድን እዩ። ልክዕ መንፈሳዊ ህይወት ድማ ከምኡ እዩ። እንተ ደኣ ንሕና ንመንፈስ ቅዱስ ኣብ ህይወትና እናጸማእና ብመንፈስ ንመላለስን ንቓሉ ድማ ከም ዝግባእ ነስተንትን ኳንና፡ ጎይታ ሃካያትን ዘየፍርዩን ክንከውን ፍጹም ኣይሓድገናን እዩ **“እቲ ጕንዲ ወይኒ ኣነ እየ፡ ጨናፍር ከኣ ንስኻትኩም ኢኹም፡ ብጀካይ ሓንቲ እኳ ኽትገብሩ ኣይትኽእሉን ኢኹም እሞ፡ እቲ ኣባይ ዚጸንዕ ኣነውን ኣብኡ፡ ንሱ እዩ ብዙሕ ፍረ ዚፈሪ”** (ዮሃ 15፡5)። እዚ ጥራይ ዘይኮነ ድማ ነታ መንግስቱ ብሓይሊ ምእንቲ ክንደፍኣ ቀብኣቱ የፍስሰልና። ንኣብነት ዳዊት ክቕባእ ከሎ እግዚኣብሄር ስቕ ኢሉ ኣይቀብኦን፡ እንታይ ደኣ መጀመርታ እታ ልቡ እዩ ረኺብዋ። እቲ ቃል **“ንዳዊት ባርያይ ረኺበዮ፣ብቕዱስ ዘይተይ ቀቢኤዮ”** (መዝ 89፡20)። ልክዕ ንሕና ከኣ እዚ ቀብኣቱ ከፍስሰልና ንህይወትና ብቓሉን ብመንፈሱን ጌርና ንኾስኹሶ (ምስቲ ሓቀኛ ጉንዲ ወይኒ ንተሓሓዝ)። እዚ እንተ ዘይኣማዕቢልና ግና ፍረ ኣይክንፈርን ኢና **“ኣባይ ዘይጸንዕ ዘበለ ኸም ጨንፈር ንወጻኢ ተደርብዩ ይነቅጽ፡ ኣኪቦም ናብ ሓዊ ይድርብይዎ እሞ ይነድድ”** (ዮሃ 15፡6)። ንኣብነት ፈሪሳውያን ነቲ ካብ ኣምላኽ ዝተዋህቦም ህይወት ሸለል ብምባል ፍረ ስለ ዘይፈረዩ፡ ነቲ ዝተዋህቦም መንግስቲ ኣምላኽ ካብኦም ከም ትሕደግ ነጊርዎም **“ስለዚ ድማ እታ መንግስቲ ኣምላኽ ካባኻትኩም ክትውሰድ፣<u>ፍሪኣ ንዚፈሪ ህዝቢውን ክትውሀብ እያ፡</u> እብለኩም ኣሎኹ”** (ማቴ 21፡43)። እዚ ድማ ንዓና ዓብይ ትምህርቲ እዩ፡ ነታ ተዋሂባትና ዘላ ናይ ዘልኣለም ህይወት፡ ጽቡቕ ገድሊ እምነት እናተጋደልና፡ ፍረ ብምፍራይ ክንከናኸና ኣለና። ብዙሕ እንተ ፈረና ድማ ኣቦ ብእኡ ክኸብር እዩ (ዮሃ 15፡8)ርኤ።

**“እቲ ፍረ መንፈስ ግና ፍቕሪ፡ ሓጐስ፡ ዕርቂ፡ ዓቕሊ፡ ለውሃት፡ ሕያውነት፡ እምነት፡ ህድኣት፡ ይኣኽለኒ ምባል እዩ።”** (ገላ5፡22)

**ፍረ መንፈስ ስቕ ኢልካ ዝርከብ ዘይኮነ፥ ከምቲ ምስ መንፈስ ቅዱስ ዘለና ጥቡቕ ሕብረት ዝዓዝዝ ውጽኢት እዩ።**



**ጸጋ ኣምላኽ ከምድላይካ ክትከይድ ዘይኮነ፡ ኣብ ልዕሊ ሓጢኣት ክትመልኽ ዝተዋህበ ሓይሊ እዩ።**